**ብሓባር ምስ ፊደላት ምልላይ**

ንደቅኹም ምስ ፊደላትን ምልክታት ናይ ነገራትን ምልላይ ኣዝዩ ይምስጦም።ብሓገዝኩም ከኣ ምስጢርን ኣቃውማን ናይ ፊደላት ቀልጢፎም ይመሃሩ።




**ቤት ንባብ ምጥቃም**

ናብ ቤት ንባብ ብሓባር ምስ ደቅኹም ብምኻድ ዝደለኹሞ መጽሓፍቲን ዝስማዕ ካሴታትን ዝረኤ ፊልምታትን ብምምራጽ ተለቂሕኩም ንገዛኹም ክትወስዱ ትኽእሉ።



**ዝተፈላለዮ ማቅከናት ምጥቃም**

ልክዕ ከምቲ ደቅና ኣብ ደገ ክንቃሳቀሱ ከለዉ ዝተፈላለዩ ነገራት በቶም ሓሙሽተ ስሚዒት ህዋሳት ክመሃሩ ከለው ነሰንዮም ኣብ ዝተፈላለየ ሰነዳት፡ ከም ፊልም ምርኣይ ዛንታታት ምንባብ ኣብ ኮንፒቶር ዝተፈላለየ ነገራት ምጣም ከነሰኒዮም ዓቢ ተራ ኣለና።ምክያቱ ካብ እቲ ማቅከናት ምስ ዕድሚኦም ዝከይድ ብዙሕ ነገራት ክመሃሩ ተክእሎ ስለ ዘሎ።



**ጽቡቅ ተመሮታት ኣብ ምስኣልን ንጽሓፍን ምሕዳር**

ኣብ ወረቀት ምጽሕጋር ምስኣል ብሓንሳብ ብካሜራ ምስኣል ኣብ ስማርትኣይፎን ነገራት ምቅራጽ ንደቅኹም ኣብ ቛንቛምን ሓደ ስእሊ ሪኦም ናይ ምግለጽ ክእለቶም ንከማዕብሉ ይሕግዞም።



# ናይ ንባብን ትምርታዊን ምትሕብባር ኣብ ስድራ

ከም ወለዲ መጠን ከመይ ገርኩም ንደቅኩም ኣብ ናይ ቛንቛን ምንባብን ናይ ምምዕባል ክእሎቶም ከም እትሓባበሩ።



SIKJM Schweizerisches Institut für Kinder- und Jugendmedien

ትግርኛ / Tigrinya

**ቛንቛ ኣደ ምዝራብ**
እንተድኣ ወለዲ ምስ ደቆም በቲ ኣዝዮም ዝመልከዎ ቛንቛ ዝዛረቡ ኮይኖም እቲ ቆልዓ ርእሰ ተኣማንነት የሕድር ካልእ ቛንቛ ንክመሃር ከኣ ኣዝዩ ይቀለሉ።



**ጽን ኢልካ ምስማዕን መልሲ ምሃብን**
ንደቅኹም ዝተዓዘብዎ ወይ ዝሰርሕዎ ሕተትዎም ንዕኡ ንምግላጽ ብዙሕ ቃላት ክጥቀሙ ይግደዱ ብከምዚ ከኣ ሓደሽቲ ቃላት ይመሃሩን ምስ ዓለም ክላለዩ ድሌት የሕድሩን።



**ብትዛረቦ ቛንቛ ሕጉስ ምኳን**
ቆልዑ ንቛንቊኦም ብደርፊ ሓጸርቲ መዛሙ ርን እንዳተቀሳቀስካ ብትጸወቶም ጸወታን ደስ እንዳበሎም ክመሃርዎ ይኽእሉ።



**ዛንታ ምዝንታውን ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ምግላጽን**
ዛንታን ስእልን ንደቅኹም ምስ ሓዱሽ ዓለም የላልዮም ምስኡ ከኣ ብዙሕ ቃላት ክመሃሩ ይሕግዞም።



Illustrationen: Claudia de Weck. Konzept: Manuel Süess

## ናይ ስዊዝ ትምህርታዊ ትካል ንቆልዑ ወይ ንመንእሰያት መራኸቢ SIKJM

እዚ ናይ ስዊዝ ትምህርታዊ ትካል ንቆልዑ ወይ ንመንእሰያት መራኸቢ ስርሑ ኣዮኖት ማቅከናት መጻሕፍት ምስ ዕድመ ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ከም ዝከይድ ዝመራመርን ሓሳብ ንደቂ ሰርባት ዘካፍልን እዩ። ብተወሳኺ እዚ ትካል እዚ ደቂ ሰባት ተወሳኺ ትምርቲ ብዛዕባ ዓይነት መጻሕፍትን ቛንቛን ዝቀስምሉ መደባት የዳሉ።

**ዓይነት መጻሕፍቲ፥** ኣብ ቤት ንባብን ማዕከናትን ወለዲ ምስ ህጻውንቶም ናይ ዓለም ተውሕቦታትን ቛንቛታትን ከም ዝላለዩ ይግበር። ሓዱሽ ዝተወልደ ሕጻን ምስ ወለዱ ናብ ቤት ንባብ ብምምጻእ እታ ናይ መጀመርታ ዝኮነት መጽሓፍ ይወሃብን መዝሙራትን ዛንታታትን ንክሰምዕ ዕድላት ይረከብ።

ብመሰረት እዚ ትካል **ዛንታ ኣዘንትውለይ** - ወለድን ደቆምን ብተካታታሊ ኣብ ታሪኽ ወይ ዛንታ ዝንበበሉ ቦታ ይርከቡ። እቲ ታሪክ ወይ ዛንታ ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ መዝሙራትን ጸወታታትን ብቛንቛ ኣደ ይካየድ።እታ ኣንባቢት ብናይ ስዊዝ ትህምርታዊ ትካል ንቆልዑን መንእሰያትን መከራቢ ዝተማህረት ኮይና ነቶም ወለዲ ምስ ደቆም ሓደ ዛንታ ንከተንብበሎምን ወይ ብሓባር ንክዝምሩ ንክጻወቱን ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ንክርእዩን ብክብሪ ትዕድሞም።

SIKJM
**Schweizerisches Institut für**
**Kinder- und Jugendmedien**
Georgengasse 6, 8006 Zürich
Tel. 043 268 39 00
info@sikjm.ch, www.sikjm.ch

Mit Unterstützung der
Paul Schiller Stiftung